Landeshauptstadt
München
**Sozialreferat**
Stadtjugendamt

# ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ መርመራ ጥዕና ንምዝገባ ቤት-ትምህርቲ

ዝኸበርኩም ወለድን መጕዚታትን፡

ቆልዓኹም ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክሳተፍ እዩ። ክሎም ኣም ሙኒክ ዘለዉ **ዕድሚኦም ኣርባዕተን ሓሙሽተን ዝኾኑ** ቆልዑ፡ ንምዝገባ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝኸውን ናይ ጥዕና መርመራ ይሳተፉ። ንኣብነት፡ ናይ ቆልዓኹም ናይ ምርኣይ፡ ምስማዕን ናይ ምዕባለ ቋንቋን ዓቕሚ ክምርመሩ እዮም። ኣብ እዋን'ቲ መርመራ፡ እቶም ሕክምናዊ ስታፍ/ሰራሕተኛታት ብኸመይን ኣበየኖት መዳያትን እቲ ቆልዓ ብዝበለጸ መንገዲ ካብቲ **ቀቅድሚ መወዳእታ ዓመት ናይ ኪንደርጋርተን/መዋእለ-ህጻናት** ኣትሒዙ ንድሓር ክድገፍ ከምዝኽእል ክውስኑ ይኽእሉ ምእንቲ ንሱ ወይ ንሳ መዓልታዊ ናይ ቤት-ትምህርቲ ህይወቱ/ታ ብጽቡቕ ክጅምሮ ክኽእል።

እዚ መርመራ'ዚ ኣብ ባቫርያ **ብግዲ** እዩ። ዕድመ ካብቲ ክፍሊ ጥዕና ክትቅበሉ ኢኹም። ብዛዕባ'ቲ መርመራ ጥዕና ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥ [muenchen.de/rseu](https://muenchen.de/rseu)

እንተድኣ ካብቲ ክፍሊ ጥዕና ዕድመ ድሕሪ ምቕባልኩም ንቆልዓኹም ናብቲ መርመራ ጥዕና ንምዝገባ ቤት-ትምህርቲ **ዘየምጺኹሞ**፡ ዳታኹም/ሓበሬታኹም ንቲ ናይ ከተማ ሙኒክ ቤት-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት ክውሃብ እዩ። እቲ **ቤት-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት** ብድሕሪኡ እቲ መርመራ ስለምንታይ ከምዘይተገብረ ንምፍላጥ ምሳኹም ርክብ ከካይድ እዩ።

እቲ ማእከል ማሕበራዊ ሕብረተሰብ/ኮም ንኣኹምን ንቆልዓኹም ዝኸውን ሓገዝን ደገፍን ይህብ። ኣብ ከባቢኹም ኣየናይ ማእከል ማሕበራዊ ሕብረተሰብ/ኮም ከምዝርከብ ንምፍላጥ፡ ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ክትጥቀሙ ትኽእሉ፥ [stadt.muenchen.de/service/info/sozialbuergerhaus/1060763/](https://stadt.muenchen.de/service/info/sozialbuergerhaus/1060763/)

ናይ ከተማኹም ቤት-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት

ኤስተር ማፈይ
ናይ ከተማ ቤት-ጽሕፈት ድሕንነት
መንእሰያት

**Wir sind München**
für ein soziales Miteinander